ላትቪያ

# ኣብ መቐበሊ ቦታ ዘለኹም መሰላትን ግዴታታትን



እዚ ሓበሬታ ንዓኻ ይምልከት፣ እንድሕር ደኣ፡

- ትሕቲ 18 ዓመት ኮይንካ
- ምስ ሓደ ወይ ክልቲኦም ወለድኻ መጺእካ ኮይንካ
- ንስኻን ስድራኻን ኣብ ላትቪያ ዑቕባ ንምርካብ ሓቲትኩም።

TIGRINYA

# ትሕዝቶ

ንስኻን ስድራቤትካን ኣብዛ ሃገር ውሑሳት ኢኹም 3

መን ክሕግዘኩም ይኽእል? 3

ንስኻን ስድራ ቤትካን እንታይ ዓይነት ደገፍ ኢኹም ክትረኽቡ? 4

መሰል ክንክን ጥዕና 6

ንሰራሕተኛታት ሓብሩ 7

ናይ ቀረባ ድሌታት ገምጋም ማለት እንታይ እዩ? 8

ናይ ትምህርቲ መሰል 8

መሰል ስራሕ 9

ናይ ሓታቲ ዑቕባ ሰነድካ 9

ንስኻን ስድራኻን ኣበይ ኢኹም ክትጸንሑ? 10

ሓደ ሰብ ሕማቕ ኣተሓሕዛ እንተ ጌሩልካ እንታይ ክትገብር ትኽእል? 11

ንስኻን ስድራቤትካን እንታይ ዓይነት ናይ መቐበሊ ቦታ ግዴታታት ኣለኩም? 12

ንስኻ ወይ ስድራኻ ነቲ ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን? 13

ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምምልካትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንምጉዓዝን ዝምልከት ሕግታት 14

ንስኻን ስድራኻን ናብ ሓንቲ ካብተን ካልኦት ሃገራት እንተ ሃዲምኩም እንታይ ይኸውን? 15

ምስቲ ብሰብ መዚ ዝተዋህበ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕኻ/ኩም ንዓኻን ንስድራኻን
መን ክሕግዘኩም ይኽእል? 16


ገለ ደገፍ እንተተቐይሩ እንታይ ይኸውን? 16

ዝርዝር ርክብ 17

## ንስኻን ስድራቤትካን ኣብዛ ሃገር ውሑሳት ኢኹም

ንስኻን ስድራቤትካን ናብ ሃገርኩም ክትምለሱ ከምዘይትኽእሉን ምኽንያቱ ድማ ኣብ ሓደጋ ስለ ዘለኹም ስለዝኾነን በዚ ምኽንያት ድማ ዑቕባ ከምዝሓተትኩምን ንሰብ መዚ ገሊጽኩምሎም ኢኹም። ንስኻን ስድራቤትካን ኣብ ላትቪያ ሓተትቲ ዑቕባ ኢኹም።

## መን ክሕግዘኩም ይኽእል?



ኣብ ኤውሮጳ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ኩሉ ከም ቆልዓ ስለዝቖጸር **ፍሉይ ደገፍ** ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

ኣብታ ሃገር ኣብ እትጸንሓሉ እዋን እዞም ዝስዕቡ ሰብ ሞያ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም ንኣብነት፡

- **ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ወይ ሜንቶር** ንዓኻን ንስድራኻን ኣብ መዓልታዊ ድሌታትኩም ክሕግዘኩም ወይ ድማ ኣብ ከንዳኹም ምስ ካልኦት ኣብ ፍሉይ ጸገም ክሕግዙ ዝኽእሉ ሰብ ሞያ ክራኸብ እዩ።
- **ዶክተር** ወይ **ነርስ** እንተሓሚምካ፡ እንተተጎዲእካ ወይ ዝኾነ ዓይነት ሕክምናዊ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ክሕግዘካ እዩ።
- **ክኢላ ስነ-ኣእምሮ** ሓዘን፡ ሕርቃን፡ ፍርሒ፡ ጭንቀት ወይ ድቃስ እንተተጸጊሙካ ክሕግዘካ እዩ።
- **ኣማኻሪ ሕጊ** ንዓኻን ንስድራቤትካን ኣብ እዋን መስርሕ ዑቕባ እንታይ ከም ዘጋጥምን መሰላትኩም ከም ዘይተኸበረ እንተኣሚንኩም ንምርዳእ ክሕግዘካ እዩ።
- **ተርጓሚ** ብዝርድኣካ ቋንቋ ንክትረዳዳእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ሓላፍነቱ ድማ ንስኹምን እቶም ካልኦትን ንትዛረብዎ ነገር ብልክዕ ምትርጓም እዩ።


ዝኾነ ጸገም ኣጋጢሙካ ድዩ? ኩሉ ግዜ ነቶም ሰራሕተኛታት ሓገዝን ደገፍን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣይትፍራሕ፡ ጸገማት ብሓባር ክፍታሕ ይኽእል እዩ።

## ንስኻን ስድራ ቤትካን እንታይ ዓይነት ደገፍ ኢኹም ክትረኽቡ?

ሰብ መዚ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ [ኹም] ክግምግሙ ኣብ እትጽበዩሉ እዋን ዝተፈላለየ ዓይነት ደገፍን ኣገልግሎትን ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ ድማ **አቀባብላ** ይበሃል።

ከም ሓደ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓን ከም ሓታቲ ዑቕባን መሰላት ኣለካ ግን ከኣ ከተኽብሮ ዘለካ ግዴታታት እውን ኣለካ እዩ። እዚኣቶም ኣብዛ ብሮሹር ተገሊጾም ኣለዉ።

ዝኾነ ክፋል ናይዚ ብሮሹር እንተዘይተረዲኡካ ወይ ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩካ፡ ነቶም ሰራሕተኛታትን ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ፣ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ከምኡ እውን ንወለድኻን ሕተቶም።



ኣብዛ ሃገር ኣብ እትጸንሑሉ እዋን፣ እቶም ሰራሕተኛታት ከከም ኩነታትኩም ተወሳኺ ሓበሬታ ክህቡኹም እዮም። ኣብ ዝኾነ እዋን ሕቶታት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ከከም ኩነታትኩም ንስኻን ስድራቤትካን ነዞም ዝስዕቡ ክትረኽቡ ኢኹም፣**



- እትድቅሱሉ ቦታ



- ምግቢ



- ክዳውንቲ



- ናይ ውልቃዊ ጽሬት ፍርያት



- ስድራቤትካ ንመዓልታዊ ወጻኢታት ዝኸውን ገንዘብ እውን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብቲ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ናይ ዑቕባ ሓተትቲ መዕቆቢ ማእከል እንተድኣ ተቐሚጥካ፣ ናይ ዓራት ቦታ፣ መግቢ፣ ከምኡ እውን ናይ ውልቀ ጽሬት ኣቑሑት ክወሃበካ እዩ። ንዓኻን ንወለድኻን መዓልታዊ ገንዘብ ክወሃበኩም እዩ። ዘድሊ እንተድኣ ኮይኑ ድማ፣ ምስቲ ወቕቲ ዝሰማማዕ ክዳውንቲ ክወሃበካ እዩ።

## መሰል ክንክን ጥዕና

**እቶም ሰብ መዚ ዘድልየካ ክንክን ጥዕና ከም እትረክብ ክረጋግጹልካ እዮም።**

**ብዛዕባ ዝኾነ ሕክምናዊ ጸገም እንተሃልዩካ ንስድራኻን ንሰራሕተኛታትን ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።**
ናብ ነርስ ወይ ናብ ሓኪም ንክትከይድ እንተድኣ ኣድልዩካ ክሕግዙኻ እዮም።



እቲ ሓኪም ኣድላዪ ኮይኑ እንተረኺብዎ፣ መድሓኒታት ከምኡ’ውን ናብ ክኢላታት ምብጻሕ ክእዝዘሉ እዩ።

እቶም ሰራሕተኛታት ንዓኻን ንስድራቤትካን ምስ ነርስ ወይ ሓኪም ኣብ ሕክምናዊ ምርመራ ክትሳተፉ እንተኾይንኩም ክነግሩኹም እዮም።

ንጥዕናኻ ክምርምሩን ዘድሊ ሓገዝ ክገብሩልካን እዮም።

ህጹጽ ሕክምናዊ ኩነታት ወይ ህጹጽ ሕክምና ዘድልዮ መጉዳእቲ እንተሃልዩካ፡ ንወለድኻ ወይ ንሰራሕተኛታት ንገሮም። ካብቲ እትሓድረሉ ቦታ ወጻኢ እንተሃሊኻ፡ ካብቲ እትሓድረሉ ቦታ ወጻኢ እንተሃሊኻ፡ ብነጻ ናብ ህጹጽ ቁጽሪ 112 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

## ንሰራሕተኛታት ሓብሩ፣ እንድሕር ደኣ፡







- እንተ ደኣ ሒሙካ፡ ዝተጎድአ ወይ ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ወይ መድሓኒት ዘድልየካ ኮይኑ።
- ሓሸሽ ትጥቀም ወይ ኣልኮላዊ መስተ ትሰቲ እንተኾይንካ
- ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዓመጽ ወይ ግህሰት ኣጋጢሙካ ወይ ሕጂ የጋጥመካ እንተሃልዩ
- ጥንስቲ ኣለኺ ወይ ጥንስቲ ክትኮኒ ተኽኢልኪ
- ባዕልኻ ብእግርኻ ክትንቀሳቐስ ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ወይ ክትሰምዕ ወይ ክትሪኢ ትጽገም ኮይንካ
- ኣዚኻ ትጭነቕ፣ ትሓዝን፣ ድቃስ ትስእን ወይ ኣሉታዊ ሓሳባት ኣለዉኻ
- ንሓደ ሰብ፡ ወይ ንሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ወይ ንእትፈልጦ ሰብ ውሕስነት ኣይስማዓካን ወይ ፍርሓት ይስምዓካ ኮይኑ
- ዘይትደልዮ ነገራት ክትገብር ጸኒሕካ ወይ ክትገብር ትግደድ ኣለኻ
- ብሰንኪ እምነትካ፡ ፍቕራዊ ምርጫኻ፡ ኣከዳድናኻ ወይ ኣካይዳኻ ውሕስነት ዘይብልካ ኮይኑ ይስምዓካ እምተኾይኑ
- ኣባላት ስድራቤትካ ደገፍ የድልዮም እዩ።



## ናይ ቀረባ ድሌታት ገምጋም ማለት እንታይ እዩ?



ካልኦት ሰራሕተኛታት እትርእየሉ ንጥፈት ኮይኑ ንሳቶም ድማ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም፡

- ድሌታትካ **ንምርዳእ**
- ኣየናይ **ደገፍ** ከም ዘድልየካ ንምውሳን።

እዚ ድማ ሰብ መዚ ኣገዳሲ ውሳነታት ንኽገብሩ ይሕግዞም፣ ንኣብነት ንስኻን ስድራኻን ኣበይ ከም እትነብሩ ዝምልከት።

ነቲ ነርስ፡ ነቲ ሓኪምን ነቶም ሰራሕተኛታትን ክትኣምኖም ትኽእል ኢኻ። ዝኾነ ነገር ክተካፍሎም ትኽእል ኢኻ። ዝበልካዮ ነገር ብዘይ ስምምዕካ ብጀካ ንወለድኻ ንኻልእ ሰብ ኣይክካፈልን እዩ። እቲ እንኮ ፍሉይ ዝገብሮ ኩነታት ንህይወትካ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ሂወት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ ጥራሕ እዩ።

ወለድኻ ክሕበሩ ወይ ክሳተፉ እንተዘይደሊኻ፡ ነቶም ሰራሕተኛታት ንገሮም።

## ናይ ትምህርቲ መሰል



ከም ቆልዓ ክትመሃርን ትምህርቲ ክትረክብን መሰል ኣለካ። ኣብዚ ግዜ እዚ ናብ ቤት ትምህርቲ ትኸይድ እንተኾይንካን 18 ዓመት እንተመሊእካን፡ ትምህርቲ ክሳብ ዝውዳእ ምምጻእካ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ።

እቶም ሰበ-ስልጣን ንዓኻን ንስድራቤትካን ንቤት ትምህርቲ ንምምልካት ክሕግዙኹም እዮም። ትምህርታዊ ኮርሳት ንምክትታል ስልጠናታት ስለዘሎ ዕድላት እውን ሓበሬታ ክህቡኹም እዮም።

እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ትምህርታውን መዘናግዕን ንጥፈታት ክነግሩኻ እዮም፣ እዚ ድማ ንኽትመሃር፣ ንኽትዓብን ሓደስቲ ኣዕሩኽ ንኽትረክብን ክሕግዙኻ እዮም።

## ናይ ስራሕ መሰል





ከከም ዕድመኹምን ኩነታትኩምን፣ ኣብ ላትቭያ ክትሰርሑ ክፍቀደልኩም ይኽእል እዩ፣ እንተደሊኹም። እቶም ሰራሕተኛታት ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ዝያዳ ሓበሬታ ክህቡኹም እዮም።

ኣብ Latvia ናይ ምስራሕ መሰል፥ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ካብ ዝምዝገብ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ዝወሃብ እዩ፤ እዚ ዝኸውን ግን ናይ ስደተኛነት ወይ ናይ ኣማራጺ መዓርግ ምሃብ ወይ ምኽልካል ዝምልከት ውሳነ ገና እንተዘይተቐቢልካ፥ ከምኡ እውን ናይ ዑቕባ ሓታቲ መንነት ወረቐት እንተድኣ ተረኪብካ ጥራይ እዩ።



ኩሎም ዕድሚኦም ትሕቲ 15 ዓመት ዝኾኑ ኣወዳትን ኣዋልድን ክሰርሑ ኣይፍቀደሎምን እዩ (ፍሉይ ኩነታት ምስ ዝህሉ፥ ካብ 13 ዓመት ጀሚሮም ክሰርሑ ክፍቀደሎም ይኽእል እዩ)።

## ናይ ዑቕባ ሓታቲ ሰነድኩም



ወለድኻ ሸምካን ስእልኻን ዝሓዘ ውልቃዊ ሰነድ ክመጸካ እዩ። / ወለድኻ ሸምካን ስእልኻን ዝሓዘ ውልቃዊ ሰነድ ክቕበሉ እዮም።

እዚ ድማ ኣብዛ ሃገር ሓታቲ ዑቕባ ምዃንካ ዘርኢ እዩ። እዚ ሰነድ ኩሉ ግዜ ምሳኻ ክትሕዞ ኣለካ።

እዚ ሰነድ እዚ ወሳኒ ሰነድ ስለዝኾነ፤ ንከይጠፍኣካን ንኻልእ ሰብ ንከይትህቦን ጥንቃቐ ግበር።

እዚ ሰነድ እዚ ናይ ዕቑባ ሓታቲ ሰነድ ይበሃል።

## ንስኻን ስድራኻን ኣበይ ኢኹም ክትጸንሑ?

ሰብ መዚ ንመመልከቲ ዑቕባኹም ኣብ ዝምርምሩሉ እዋን፣ እትዓርፉሉ ቦታ፡ ኣብ ኩነታትኩም ይምርኮስ።



እቶም ሰራሕተኛታት ኩልኹም **ኣበይ ክትዓርፉ ከምዘለኩም** ክሕብሩኹም እዮም፣ ንኣብነት ኣብ ሓደ ዝተወሰነ መንበሪ፣ ከተማ ወይ ዞባ።

እዚ ኣብቲ ዘሎ ቦታታት ወይ ኣብ ድሌታት ስድራቤትካ ክምርኰስ ይኽእል እዩ።

ስድራኻ ካብቲ መንበሪ ቦታ ወጻኢ ክጸንሑ ወይ ካብ ከተማ ወይ ዞባ ንሓጺር ግዜ ክወጹ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ በዓል መዚ ፍቓድ ክሓቱ ኣለዎም።

**ንስኻን ስድራቤትካን ኣብቲ ብበዓል መዚ ዝወሰኖ ቦታ ጥራይ ደገፍን ኣገልግሎትን ክትረኽቡ ኢኹም።**

ኣብ ኣዝዩ ሳሕቲ እዋናት ስድራቤታት ከም ድላዮም ክመጹን ክኸዱን ኣብ ዘይክእሉሉ ማእከል ክቕመጡ ይኽእሉ እዮም። ንስኹም ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እንተሃሊኹም፡ ኣማኻሪ ሕግን ሰራሕተኛታትን ክሕግዙኻ/ኹም እዮም።

**ኣበይ ተዓቚብካ/ኩም ብዘየገድስ ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኻ/ኹም፡**





- **ምስ ስድራኻ ምጽናሕ**
- **ኣባላት ስድራቤትካ ኣበይ ከምዘለዉ እንተዘይፈሊጥካ ንምድላይ ሓገዝ ምርካብ።**

**ውሑስ ናይ ምዃን መሰል ኣሎካ። ዝኾነ ሰብ ዝስዕብ ክገብር ኣይፍቀድን እዩ፡**




ክፈራርሓካ ክጸርፈካ ክጎድኣካ

መን ምዃኖም ብዘየገድስ ጓና ወይ ናይ ቀረባ እትፈልጦ ሰብ።


ምስ ወለድኻ ወይ ምስ ሰራሕተኛታት ዝኾነ ጸገም እንተሃልዩካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

## ሓደ ሰብ ሕማቕ ኣተሓሕዛ እንተ ጌሩልካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?



ምስ እትኣምኖ ሰብ፡ ኣባል ስድራቤት፡ ኣባል ሰራሕተኛ፡ ወይ ምስ ሓደ ናይ ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያር ቤት ጽሕፈት በዓል መዚ ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

ሓደ ሰብ ብሕማቕ እንተ ሒዙካ፣ ነዚ ዳግማይ ከይፍጸም ናብ **ናይ ህጻናትን መናእሰይን ናይ ሓገዝ መስመር 116111** ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ 'ጥርዓን ምቕራብ' ይበሃል።



**ኣቓልቦ!**

ካብቲ እትሓድረሉ ቦታ ወጻኢ እንተሃሊኻን ኣብ ሓደጋ እንተሃሊኻን፣ ካብ ዝኾነ ቴለፎን ብነጻ ናብ ሃገራዊ ቁጽሪ ህጹጽ ረድኤት 112 [ብ MS ዝስተኻኸል] ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

## ንስኻን ስድራቤትካን እንታይ ዓይነት ናይ መቐበሊ ቦታ ግዴታታት ኣለኩም?

ሓቂ ምዝራብን ምስ ሰብ መዚ ምትሕብባርን ኣገዳሲ እዩ፣ ዋላ ሓደ ሓደ ግዜ ዛንታኻ ክትነግር ዘፍርሕን ከቢድን ኮይኑ እንተተሰምዓካ።

እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ኩነታትካ እንተፈሊጦም ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።



ንስኻን ስድራኻን ኣብ እትጸንሑሉ ቦታ ክትክተልዎ ዘለኩም ሕግታት ክህሉ እዩ። ንኣብነት፣ ንኣብነት፣ ንስኹም ነቶም ካልኦት ነበርትን ሰራሕተኛታትን ከተኽብሩ ኣለኩም፣ ኣብቲ ጽምው ዝበለ ሰዓታት [ብ MS ዝስተኻኸል] ጫውጫው ክትፈጥሩ የብልኩምን።

እቶም ሰራሕተኛታት እንታይነት እጦም ሕግታትን ነቶም ሕግታት ኣብ ዘይተኸተሉሉ እዋን ዝህሉ ሳዕቤንን ክረድኡ እዮም።

ንስኻን ስድራኻን ዝስዕቡ ሕግታት ክትኽተሉ ኣገዳሲ እዩ፡

- ሕግታት ናይቲ እትዓርፈሉ/ፍሉ ቦታ ምኽታል፤
- ምስ ሰበ-ስልጣን ምትሕብባርን መምርሒታቶም ምስዓብን፤
- ንኻልኦት ተቐማጦ፥ ሰበ-ስልጣንን ካልኦት ሰባትን ምኽባር፤
- ኣብ ዝደለዩሉ እዋን ምስኻ ርክብ ክገብሩ ንክኽእሉ፥ ንሓፈሻዊ ኣድራሻኻን መርከቢ ሓበሬታኻን (ቁጽሪ ተለፎን፥ ኢመይል) ከምኡ እውን ንዝኾነ ይኹን ለውጥታት ንሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያር ቤት ጽሕፈትን ከተፍልጥ የድሊ።
- ካብቲ ሰብ መዚ ክትጸንሕሉ ዝመደቡኹም ቦታ ዘይምህዳም
- ሕግታት እዛ ሃገር ተኸተሉ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ከረድኡኻ እዮም።

## ንስኻ ወይ ስድራኻ ነቲ ግዴታታትኩም እንተዘይተማሊእኩም እንታይ ይኸውን?



እዚ እንተ ኣጋጢሙ፡ ንስኹም ምስቶም ሰራሕተኛታት ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያር ቤት ጽሕፈትን ብግልጺ ክትዛራረቡን ኩነታትኩምን ምኽንያታትኩምን ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም።

እቶም ሰብ መዚ ነቲ ኩነታት ክግምግሙ እዮም፣ ወለድኻ ድማ ገለ ስጉምትታት ክወስዱ እንተ ወሲኖም ክሕብሩ እዮም።



ንኣብነት፡ ሓደ ኣባል ስድራቤትካ ካብቲ ሰብ መዚ ነታ ስድራቤት ክትጸንሕ ከም ዘለዋ ዝወሰኑሉ መንበሪ ቦታ፡ ከተማ ወይ ዞባ እንተ ሃዲሙ፡ **እቲ ኣባል ስድራቤትካ ዝወሓደ ደገፍ ክረክብ ይኽእል።**



ሓደ ኣባል ስድራቤትካ ዓመጽ ዝመልኦ ባህሪ እንተ ኣርእዩ፣ **እቲ ኣባል ስድራቤት እቲ ዝረኽቦ ዘሎ ደገፍ ክስእን ይኽእል እዩ።** ፖሊስ ክጽዋዕ ይኽእል እዩ።

**ንስኻን ስድራቤትካን ሕጂ ኣብ ላትቭያ ኢኹም ዘለኹም፣ እዚኣ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ድማ፡**

27 ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፤ ኣውስትርያ፡ ቤልጅየም፡ ቡልጋርያ፡ ክሮኤሽያ፡ ቆጵሮስ፡ ቸክያ፡ ዴንማርክ፡ ኢስቶንያ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ግሪኽ፡ ሃንጋሪ፡ ኢጣልያ፡ ላቲቭያ፡ ሊትዋንያ፡ ሉክሰምበርግ፡ ማልታ፡ ሆላንድ፡ ፖላንድ፡ ፖርቱጋል፡ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፡ ሮማንያ፡ ስሎቫክያ፡ ስሎቬንያ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን ከምኡ'ውን

ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይን ስዊዘርላንድን።

## ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምምልካትን ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት

**እቶም ሰራሕተኛታት ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያር ቤት ጽሕፈትን ነዞም ኣገደስቲ ሕግታት ንዓኻን ንስድራቤትካን ከረድኡኹም እዮም። ኣብ ዝኾነ እዋን ሕቶታት ክትሓቱዎም ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ዝኾነ እዋን ሕቶታት ክትሓቱዎም ትኽእሉ ኢኹም።**



- ✅ ንስኻን ስድራቤትካን ኣብ ላትቪያ ክትጸንሑ ኣለኩም፣ ናብ ሓንቲ ካብተን ካልኦት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ ክትሃድሙ የብልኩምንን።

- ✅ ኣብ ሓንቲ ካብዘን ሃገራት ኣባላት ስድራቤት እንተሃልዩምኻ/ኹም፡ እቶም ሰብ መዚ ብዛዕባ ናይ ምጥርናፍ ስድራቤት ዝምልከቱ መሰላትካ/ኩም ክሕብሩኻ/ኹም እዮም። ስቕ ኢልካ ከይትሃድም።

  ንስኻ/ኹም ካብዛ ሃገር ንምውጻእ ትሓስቡ ትኾኑ፣ ወይ ገለ ሰባት ንክትሃድሙ ከእምኑኹም ክፍትኑ ይኽእሉ እዮም። ንዓኹም ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንስኻን ስድራቤትካን ምስቶም ሰራሕተኛታት ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያር ቤት ጽሕፈትን ተዘራሪብካ ነቲ ኩነታት ክትገልጸሎም ትኽእል ኢኻ። እቶም ሰራሕተኛታት ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያር ቤት ጽሕፈትን ከማኽሩኻ/ኹም ይኽእሉ እዮም።


- ❌ እንተ ሃዲምካ/ኩም፡ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ እዩ፡ እዚ ድማ ኣብዛ ብሮሹር ተገሊጹ ኣሎ። ንኣብነት ንስኻ/ኹም ኣብታ ካልእ ሃገር ዝወሓደ ናይ መቐበሊ ደገፍ ክትረኽቡ ኢኹም።

- ✅ ኣይትረስዑ፣ ሰብ መዚ ካልእ እንተዘይሓቢሮምኩም ናይ ዑቕባ መመልከቲኹም ኣብታ ፈለማ ዝኣተኹምላ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ክተመዝግቡ ኣለኩም።

- ✅ ካብዘን ሃገራት ሓንቲ ጥራይ እያ ነቲ ሕቶ ዑቕባኻ/ኹም ክትምርምር ሓላፍነት ዘለዋ። ኣብ ላትቪያ ዘለዉ ሰብ መዚ ኣየነይቲ ሃገር እያ ነዚ ተሓታቲት ብዝምልከት ክነግሩኹም እዮም።

ብዛዕባ እዚ መስርሓት እዚ ኣብ እተፈላለየ ብሮሹራት ክትመሃር ኢኻ።

## ንስኻን ስድራኻን ናብ ሓንቲ ካብተን ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገራት እንተ ሃዲምኩም እንታይ ይኸውን?




**ኣብ ላትቪያ፡-**

- መስርሕ ዑቕባኻ/ኺም ደው ክብል ይኽእል እዩ።

**ኣብታ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር፡**

- እቶም ሰብ መዚ ናብታ ብዘይ ፍቓድ ገዲፍካያ ዝወጻዕኻ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ+ ክመልሱኻ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።

ሰብ መዚ ብዛዕባ እቲ ንኽመልሱኻ ዝወሰኑላ ውሳነ ካብ ዝሕብሩኹም እዋን ጀሚሩ፡ ንስኹም ዝተወሰኑ መሰላት ኣይትረኽቡን ኢኹም፡ ንኣብነት፡

- ገለ ዓይነት ደገፍ ኣይትረኽብን/ቡን ኢኹም ከምኡ'ውን
- ስራሕ ክትሰርሑ ኣይክፍቀደልኩምን እዩ።

## ምስቲ ብሰብ መዚ ዝተዋህበ ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕኻ/ኹም ንዓኻን ንስድራኻን መን ክሕግዘኩም ይኽእል?



ካብ ኣማኻሪ ሕጊ ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣማኻሪ ሕጊ ማለት ኣብዛ ሃገር ዘሎ ሕግታት ዝፈልጥን ኩነታትካ/ኩም ኣጽኒዑ ክሕግዘካ/ኩም ዝኽእልን ሰብ እዩ።

እቶም ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ዘይመንግስታዊ ትካላት ክሕብሩኻ እዮም፣ ንሳቶም እውን ሓበሬታን ሓገዝን ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም።




ንስኻ[ኹም]ኣብ ዝኾነ እዋን ምስ ትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (United Nations Refugee Agency፥ UNHCR) ክትራኸብ[ቡ] ትኽእል[ሉ] ኢኻ[ኹም]። UNHCR ካብ ሃገሮም ክወጹ ዝተገደዱ ሰባት ይከላኸል።

## ገለ ደገፍ እንተተቐይሩ እንታይ ይኸውን?

ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያር ቤት ጽሕፈት ኣብ ገጽ 13 ተገሊጹ ብዘሎ ኩነታት ምኽንያት ናይ ሓደ ኣባል ስድራቤት ዝወሃብ ዝተወሰኑ ዓይነታት ሓገዛት ንምንካይ ወይ ንምስራዝ እንተድኣ ወሲኖም፥ እቲ ኣባል ስድራቤት ምስ ናይ ውልቀ ኩነታቱን ድሌታቱን ብዝሰማማዕ መንገዲ ገና ሓገዝ ክረክብ እዩ። ንሱ/ሳ ገና ሓኪም ወይ ነርስ ክርእይ፥ ሕክምናዊ ክንክን ክረክብ፥ ከምኡ እውን ብመሰረት ሰበ-ስልጣን ኣብ ዝወሰንዎ ቦታ ሓገዝና መዕቆቢ ቦታን ክረክብ ይኽእል እዩ።



እቶም ሰብ መዚ ነቲ ንዓኻን ንስድራቤትካን ዝወሃብ ናይ ምቕባል ደገፍ ናብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ስለ ዝሃደምካ ክስርዝዎ ምስ ዝውስኑ፡ እቲ ኣቕዲምካ እትረኽቦ ዓይነት ደገፍ ኣብ ኩነታትካን ድሌታትካን ይምርኮስ።

ሕጂ ውን ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ክትክእል ኢኻ።

# ዝርዝር መራኸቢ

ንስኻን ስድራቤትካ [ኩምን] ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩኩም ወይ ኣብ እዋን ጸንሖትኩም ደገፍ እንተድላ ኣድልዩካ [ኩም]፡ ምስቶም ኣብዚ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

| ማእከላት መቐበሊ ኣጋይሽ | |
|---|---|
| | ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ<br>ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ<br>ኣድራሻ: Rūdolfa iela 5, Riga<br>ቴሌፎን: +37167913300<br>ኢመይል:pasts@rs.gov.lv<br>https://www.rs.gov.lv/<br><br>ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት<br>ኣድራሻ: Čiekurkalna 1. līnija 1, k-3, Riga<br>ቴሌፎን: +371 67209400<br>ኢመይል: pasts@pmlp.gov.lv<br>https://www.pmlp.gov.lv/ |

ንስኻ/ኹም ነዞም ትካላት ክትረኽቡዎም እውን ትኽእሉ ኢኹም፣ ምስ ዝስዕቡ ጉዳያት ንዝተኣሳሰሩ ሕቶታት፡

| ሕክምናዊ ደገፍ ምሃብ | |
|---|---|
|  | **ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና**<br>ኣድራሻ: Cēsu iela 31 k-3, entrance 6, Riga<br>ቴሌፎን: +371 80001234<br>ኢመይል: nvd@vmnvd.gov.lv<br>https://www.vmnvd.gov.lv |

## ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍ



**ናይ ህጻናትን መናእሰያትን ናይ ሓገዝ መስመር 116111**

ንህጻናትን መናእሰያትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዝ፥ ከምኡ እውን ኣብ ናይ ቅልውላው እዋናት ሓገዝ ይህብ።

## ሓለዋ ህጻናት



**ማእከል ሓለዋ ህጻናት**

ኣድራሻ: Ventspils iela 53, Riga,

ቴሌፎን: +371 67359128

ኢመይል: pasts@bac.gov.lv

https://www.bac.gov.lv

**ናይ ህጻናትን መናእሰያትን ናይ ሓገዝ መስመር 116111**

ንህጻናትን መናእሰያትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዝ፥ ከምኡ እውን ኣብ ናይ ቅልውላው እዋናት ሓገዝ ይህብ።

## ኣብ ሓደጋ ንዝርከቡ ህጻናት ዝኸውን ናይ ሓገዝ መስመር



ሽለል ከም ዝተበሃልካ ወይ ኣብ ሓደጋ ከም ዘለኻ ኮይኑ ምስ ዝስምዓካ ብነጻ ናብ 112 ክትድውል ትኽእል ኢኻ

ሓውኻ፡ ሓፍትኻ ወይ ዓርክኻ እንተ ጠፊኡ ናብ Hotline 116 000 - Missing Children Europe (መስመር ቴሌፎን ዝጠፍኡ ህጻናት ኤውሮጳ) ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

## ሕጋዊ ምኽሪ፣ ሓገዝን ውክልናን



ምምሕዳር ቤት ፍርዲ

ኣድራሻ: Antonijas iela 6, Riga

ቴሌፎን: +371 67063800

ኢመይል: pasts@ta.gov.lv

https://www.ta.gov.lv/

**ትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (United Nations Refugee Agency፣ UNHCR)ረብሓን መሰላትን ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ይሕሉ።**




UNHCR (UN ኤጀንሲ ስደተኛታት)
ኣድራሻ: Antonijas iela 9, Riga
ተለፎን:- +46 10 101 28 00
ኢመይል: swest@unhcr.org
https://www.unhcr.org/

| | |
|---|---|
| **ፋውንዴሽን ውህደት ሕብረተሰብ ናይ ኣገልግሎት ማእከል** | ናይ ዓማዊል ማእከላት ኣገልግሎት<br>ኣድራሻታት:<br>Raiņa bulvāris 15, Riga, ቴሌፎን: +371 26959706<br>Rožu iela 6, Liepāja, ቴሌፎን:+371 22811020<br>Ģimnāzijas iela 11, Daugavpils, ቴሌፎን: +371 29557630<br>https://livelatvia.lv/ |
| **ማእከል ሰብኣዊ መሰላት ላቲቫያ** | ኣድራሻ: Alberta iela 13, Riga<br>ተለፎን:- +371 67039290<br>ኢመይል: office@humanrights.org.lv<br>https://cilvektiesibas.org.lv/ |

ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት እንተ ኣጋጢሙካን ኣብ ሓደጋ እንተ ኾይንካን: ብቕልጡፍ ንወለድኻን ነቶም ሰራሕተኛታትን ንገሮም። ንሳቶም ክሕግዙኻ እዮም!

ንስኻን ስድራቤትካን ካብቲ እትነብሩሉ ቦታ ወጻኢ እንተሃሊኹምን ጸገም እንተ ኣጋጢሙኩም ወይ ኣብ ሓደጋ እንተ ኾይንኩምን፣ ናብዚ ህጹጽ ቁጽሪ ብነጻ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይ ህጹጽ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ፖሊስን:- 112**

እዚ ብሮሹር እዚ ንሓበሬታ ጥራይ እዩ። ንበይኑ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (EUAA) ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ከምኡ’ውን ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ ብሮሹር ብ EUAA ፍቓድ ዝተዋህቦ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ ዝከኣል። EUAA ንልክዕነት ናይቲ ትሕዝቶ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን፡ እዚ ድማ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ ብሮሹር ተኻቲቱ ዘሎ ሓበሬታ ዝምልከት እዩ። EUAA ይኹን ን EUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ብሮሹር ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© European Union Agency for Asylum (ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ)፣ 2025